Victorian Equal Opportunity
& Human Rights Commission

# ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ዘለካ መሰላትን መን ክሕግዘካ ከምዝኽእል

## ሰብዓዊ መሰላት

ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ብናትኻ ዓሌት፣ ሓይማኖት፣ ጾታ፣ ናይ ፖለቲካ እምነትን ካልእ ብዝሑሕ ነገራት ተበጊስካ ሓደ ሰብ ኣድልወ እንተፈጢሩ ዘይሕጋዊ እዩ። ከምኡ'ውን መሰላት ከምዘለኹም ማለት ከም ድሕንነት፣ ብግቡእ ምትዕንጋድ፣ ንናትካ ሓይማኖት ንምክታልን ብናትካ ብሕሊን ስድራ ንምሕጓስ ይኽውን።

እዞም ሰብዓዊ መሰላት ተባሂሎም ይጽውኡ እሞ ኣብዝኾነ ቦታ ተወለድ ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ኩሉ ሰብ ማዕሮ መሰላት ኣለዎ።

## ኣድልወ ምፍጣር

ንኣኻ ካብ ካልእ ሰብ ብምፍላይ ወይካዓ ብዘግቡእ ምትዕንጋድ ዘይሕጋዊ ከምዝኾነ፣ እዚ'ውን ኣብ ሥራሕ ቦታ፣ መንበሪ ገዛ ክትኽራይ እንከሎ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ፣ ኣብ ሹቅ እዳጋ ወይካዓ ቤት መግቢ ወይካዓ ስፖርት ትጻወተሉ ከባቢ ክፍጸም እንከሎ እዩ።

በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ሰባት ብዘይግቡእ ከተዓናግዱኹም ኣይኽእሉን:

- ብናትካ ቀርበት ሕብረ፣ ባሕሊ ወይካዓ ዓሌት፣ ኣመጻጽኣ ስድራቤት ወይካዓ ብዝመጻእኻሉ ሃገር
- ብናትካ ሓይማኖት፣ ናይ ሓይማኖት እምነት ወይካዓ ሥራሕቲ። ንኣብነት፡ ንስኻ ናብ መስጊድ፣ ኣይሁድ ቤተመቅደስ ወይካዓ ቤተክርስቲያን ስለዝኸድካ ሰባት ፍሉይ ብዝበለ መልክእ ከተዓናግዱኹም ኣይኽእሉን። ከምኡ'ውን ናይዝኾነ ሰብ ሓይማኖት እምነት ተኸታሊ ንዘይምኳን ይኻኣል እዩ
- ኣካለ ጉድዓተኛ፣ ሕሙም ንዝኾነ ወይካዓ ጉድዓት ንዝበጽሆ ሰብ። ንኣብነት፡ ኣካለ ጉድዓተኛ እንተኾይንካ ወይካዓ ሕማም እንተሃልዩካ ብዘይመቅጻዕቲ ፍልይ ዝበለ ሥራሕ ንክዳለወልካ ምሕታት ትኽእል ስለዙይ ናትካ ሓለቃ ኣድላይ ዝኾነ ምቅንጃው ክገብር ከምዘለዎን ብድሕሪኡ ክትሠርሕ ትኽእል
- ወላዲ ወይካዓ ሓልየት ውሃቢ እንተኾይንካ። ንኣብነት፡ ነቶም ሕጻውንቲ ወይካዓ ንስድራ ኣባላት ሓልየት ዚገብር እንተኾይኑ ፍልይ ብዝበለ ሰዓታት ንምሥራሕ ወይካዓ ነቶም ሕጻውንቲን ንስድራ ኣባላት ንምኽንኻን ካብ ሥራሕ ናፃ ንክትኸውን ምሕታት ትኽእል
- ናትኻ ዕድመ። ንኣብነት፡ ንሥራሕ ኣመልኪትካ እሞ ነዙይ ሥራሕ ዕድሜኻ ዓቢ ወይካዓ ብጣዕሚ መናዕሰይ ኢኻ ምባል ኣይኽእሉን
- ንስኻ ተባዕታይ ወይካዓ ኣንስታይ ብምዃንካ።
- ጥንስቲ ወይካዓ ጡብ ተጡቡ ብምዃንካ። ንኣብነት፡ ኣብ ሕዝባዊ ዝኾነ ቦታ ማለት ከም ካፌ ንእሽቶ ቤት መግቢ ወይካዓ ኣብ መጻወቲ ስፍራ ኾይንካ ጡብ ምጡባብ ከምዝኻኣል፤ ኣብ ጥንስቲ ወይካዓ ጡብ ተጡበሉ እዋን ንምሥራሕ ወይካዓ ንዘይምሥራሕ ክትመርጽ ትኽእል
- ርክበ ስጋዊ ምግባር ብሕጊ ይፍቀድ እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ርክበ ስጋዊ ጌርካ ተባሂሉ ብዘይ ኣግባብ ንምትዕንጋድ ኣይትኽእልን።
- ናትኻ ጾታዊ ኣገላልጻ ወይካዓ ጾታዊ መንነት። ንኣብነት፡ ግብረሰዶማዊ ሰብ፣ ሰበይቲ ምስ ሰበይቲ ርክበ ስጋዊ፣ ናብ ክልቲኡ ጾታታት ዚወስዶ፣ ጾታ ምቅያር፣ ዝፍለጥ ጾታን ምስ ኣንጻራዊ ጾታ ርክበ ስጋዊ ዚፍጽሙ ሰባት ኩሎም ተመሳሳሊ ዝኾነ መሰላት ኣለዎም
- ብዛዕባ ናትኻ ሓዳር ምንባር ዘይምንባር። ንስኻ ሓዳር እንተጌርካ፣ ብሕጋዊ እንተተፋቲኻ፣ ዘይሓዳር ምግባር ዘተሓሳስብ ጉዳይ ስለዘይኾነ ሕጂውን ብግቡእ ክትዓናገድ ኣለኻ
- ናትኻ ኣካላዊ ምስሊ ገጺ። ንኣብነት፡ ብቁመት፣ ብክብደት፣ ብመጠን ግዙፍነት፣ ብጨጉሪ ወይካዓ ኣብ ሰብነት ብዘሎ ናይ ተፈጥሮ ጸሊም ምልክት ተበጊስካ ብዘይ ኣግባብ ምትዕንጋድ የብልካን
- ኣብ ሥራሕ ብዘለኻ መሰላት ትወስዶ ስጉምቲ። ንኣብነት፡ ኣብ ሥራሕ ዘጋጠመካ ጸገም ምዝራብ ወይካዓ ሕቶታት ስለዘቅረብካ ክትቅጻዕን ካብ ሥራሕ ክትስጐግ ኣይትኽእልን

- ናይ ማሕበር/union ሥራሕ። ንኣብነት፡ ናይ ንግዲ ሥራሕ ማሕበር ኣባል ስለዝኾንካ ወይካዓ ብናይ ሥራሕ ጠጠው ምግባር መጥቃዕቲ ውሽጢ ተሳታፊ ስለዝኾንካ ካብ ሥራሕ ክትስጎግ ኣይትኽእልን
- ብናትኻ ፖለቲካ፣ ናይ ፖለቲካ እምነት ወይካዓ ብናይ ፖለቲካ ምንቅስቓስ ውሽጢ ተሳታፊ ስለዘይኾንካ

ከምኡ'ውን ንሓደ ሰብ በዞም ምክንያታት ፍሉይ ብዝበለ ኾነታ ምትእንጋድ ዘይሕጋዊ እዩ።

ብዛዕባ ናትኻ ሰብዓዊ መሰላት ወይካዓ ኣድልወ ምፍጣርን ሓገዝ እንተደሊኻ እሞ እንታይ ምግባር ከምትኽእል ዝበለፀ መረዳእታ እንተደሊኻ፤ ነቲ ኮሚሽን ብስልኪ 1300 292 153 ጌርካ ምድዋል ትኽእል ወይካዓ ንኣስተርጓማይ በጃኹም ብስልኪ 1300 152 494 ጌርካ ደውል።

ሓገዝ ንምርካብ ንኣና ስለዘሓተትካ ወይካዓ ቅረታ ስለዘቅረብካ መቕጻዕቲ ወይካዓ ብዘይ ኣግባብ ምት ዕንጋድ ከምዘይኻኣልን ብዛዕባ እቲ ቅረታ ክሲ ዝፈልጡዎ ተሳትፎ ዝገበሩ ሰባት ጥራይ እዮም። ቅረታ ስለዘቅረብካ ናብ ቤት ፍርዲ ትኸይድ ኢኻ ማለት ኣይኾነን።

ብተወሳኺ'ድማ ንዝበለፀ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ዌብ ሳይቲ humanrightscommission.vic.gov.au ምርኣይ ትኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ሕዝባዊ ቦታ፣ ኣብ ሥራሕን ምስ መንግሥቲ ድርጅታት ዝነብረካ መሰላት ዚምልከት ብናጻ ዘይኽፍሊት መረዳእታ ነዳልው ኢና።

Victorian Equal Opportunity & Human Rights Commission

## Need more information?

Contact the Commission:


| | |
|---|---|
| Enquiry Line | 1300 292 153 or (03) 9032 3583 |
| Fax | 1300 891 858 |
| TTY | 1300 289 621 |
| Email | enquiries@veohrc.vic.gov.au |
| Website | humanrightscommission.vic.gov.au |


## Accessible formats

This publication is available to download from our website at humanrightscommission.vic.gov.au/resources in PDF and RTF. Please contact the Commission if you require other accessible formats.

## We welcome your feedback!

Were these resources useful? Easy to use? Would you like to see something else included? Please email us at communications@veohrc.vic.gov.au.

Published by the Victorian Equal Opportunity and Human Rights Commission, Level 3, 204 Lygon Street, Carlton Victoria 3053. May 2013.

Disclaimer: This information is intended as a guide only. It is not a substitute for legal advice.